**ዜጋ ወጻኢ ሃገር ንዝኾንካ**

# ደገፍ ትምህርቲ ካብ ሲኤስኤን (ሓገዝን ለቓሕን)

ከም በጽሒ ኣብ ሽወደን ክትመሃር ትሓስብ’ዶ፧ መደብ እንተሎካ ደገፍ ትምህርቲ ማለት: ሓገዝን ልቓሕን ካብ ሲኤስኤን (CSN) ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። እቲ ሓገዝ ንዓኻ’ዩ፤ እቲ ልቓሕ ግን ዚምለስ’ዩ። ሲኤስኤን (CSN) እቲ ኣብ ሽወደን ደገፍ ትምህርቲ ዚህብ ትካል መንግስቲ’ዩ። ሳላ ደገፍ ትምህርቲ: ኵላቶም ኪመሃሩ ዚደልዩ: ድሕረ-ባይታኦም ወይ ቍጠባዊ እኽእሎኦም ብዘየገድስ ኪመሃሩ ይኽእሉ። ካብዚ ኣስዒብካ: ንዓኻ ንወጻእተኛ ከመይ ከም ትገብር ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

## ደገፍ ትምህርቲ ምሕታት

ደገፍ ትምህርቲ ኣብ መካነ-መርበብ www.csn.se ዚርከብ ”ሚና ሲዱር” (Mina sidor) ተባሂሉ ዚፍለጥ ክፋል ኢኻ ትሓትት። ገንዘብ ክትልቃሕ ዘይትደሊ እንተ ኾይንካ: ሓገዝ ጥራይ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ኣብ መካነ-መርበብ ሲኤስኤን (CSN) www.csn.se ተወሳኺ ሓበሬታ ኣሎ።

## ንዓኻ ከም ወጻእተኛ ዚምልከቱ ፍሉያት ጠለባት ኣለዉ።

ዜጋ ወጻኢ ሃገር እንተ ኾይንካ: ሽወደናዊ ደገፍ ትምህርቲ ክትረክብ መሰል ዘሎካን ዘይብልካን ንምፍላጥ ሲኤስኤን (CSN) መጽናዕቲ ይገብር። መጽናዕቲ ከነካይድ ከለና: ንኣብነት ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ ዘሎካን ዘይብልካን ነጻሪ። ብድሕሪኡ ደገፍ ትምህርቲ ንምርካብ ነቶም ዝተረፉ ጠለባት ተማልእን ዘይተማልን ነጽንዕ።

### ዚግባእ ደገፍ ትምህርቲ ንምርካብ ዚማልኡ ጠለባት

ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ (PUT) ሃልዩካ ኣብ ሽወደን ትቕመጥ እንተ ኾይንካ: ዚበዝሕ ግዜ ንሽወደናዊ ሓገዝ ትምህርቲ መሰል ሎካ። ከም ስደተኛ ወይ ንዕኡ ዚመሳሰል ተቜጺርካ ቦርድ ሚግረሽን ብግዜ ዝተደረተ መንበሪ ፍቓድ እንተ ሂቡካ’ውን ዚበዝሕ ግዜ ንሽወደናዊ ሓገዝ ትምህርቲ መሰል ኣሎካ። ከም ሓታቲ ዕቑባ ንሽወደናዊ ሓገዝ ትምህርቲ መሰል የብልካን።

ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ (PUT) እንተ ዘይብልካ: ወይ ከም ስደተኛ እንተ ዘይተቜጺርካ: ከከም ዜግነትካ: ማለት ከም መጠን ዜጋ ኤውሮጳዊ ሕብረት/ወይ ዜጋ ኤውሮጳዊ ቍጠባዊ ምትሕብባር (EU/EES): ዜጋ ስዊዘርላንድ ወይ ከም ዜጋ ካልእ ሃገር መጠን ዝተፈላለዩ መምርሕታት ኣለዉ። ተወሳኺ ሓበሬታ: ኣብ ቈጽሊ ሓበሬታ ”Svenskt studiestöd för studier i Sverige för dig som är utländsk medborgare” (CSN nr 4146) ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

እዛ ቈጽሊ ሓበሬታ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ኣብ መርበብ ኢንተርነት ኣብ www.csn.se ኣላ።

### ደገፍ ትምህርቲ ንምርካብ ዚማልኡ ዝተረፉ ጠለባት

ግቡእ ደገፍ ትምህርቲ ንምርካብ:

- ንደገፍ ትምህርቲ መሰል ዘውህብ ቅኑዕ ትምህርቲ።

CSN nr 2443J/2111/översättning av 2443A-2111

- እንተ ወሓደ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ሰሙን: እንተ ወሓደ 50 ሚእታዊ ናይ ምሉእ ግዜ ግድን ክትመሃር ኣለካ።
- ጠለብ-ዕድመ* ምምላእ።
- ዚድለ ውጽኢት ትምህርትኻ ዘማላእካ (ቅድሚ ሽዑ ብደገፍ ትምህርቲ ንዝተመሃሩ ጥራይ ዚምልከት) ክትከውን ኣለካ።

*ብደረጃ ቤ/ት መባእታን ቤ/ት ካልኣይ ደረጃን ትመሃር እንተ ኾይንካ: ንኣብነት ኣብ ቤ/ት ኣባጽሕ (ኮምቩክስ): ካብታ 20 እትመልኣላ ዓመት ዘላ መንፈቕ ቀውዒ ኣትሒዝካ ደገፍ ትምህርቲ ክትወስድ ትኽእል ኢኻ። ክሳዕ ሽዑ ዘሎ ግዜ ግን: ካብ ሲኤስኤን (CSN) ሓገዝ ትምህርቲ: ማለት ካልእ ዓይነት ሓገዛት ትረክብ። ኣብ ደረጃ ዩኒቨርሲቲ : ታሕታይ ደረት ዕድመ የለን። እንተ ነውሐ: ክሳዕ'ታ 60 ዓመት ትመልኣላ ዓመት ካብ ሲኤስኤን (CSN) ደገፍ ትምህርቲ ክትረክብ ትኽእል።

## ክንደይ ሓገዝ: ክንደይ ልቓሕ ክትወስድ ትኽእል፧

ክንደይ ዚኣክል ሓገዝን ክንደይ ዚኣክል ልቓሕን ክትወስድ ከም ትኽእል ኣብ www.csn.se ክትርኢ ትኽእል።

ኣብ ሓደ-ሓደ ኵነታት: ዝይድ ዝበለ ሓገዝን ዝይድ ዝበለ ልቓሕን ካብ ሲኤስኤን (CSN) ክትወስድ ትኽእል። ብዛዕባ እቶም ተወሰኽቲ ሓገዛት ኣብዚ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

ብዛዕባ እቶም ዝተፈላለዩ ሓገዛትን: ኣየኖት ሕግታት ከም ዘለዉን ኣብ www.csn.se ተመልከት፤ ወይከኣ ብቕጽሪ ስልኪ

### ልዕል ዝበለ ሓገዝ

ብደረጃ ቤ/ት መባእታን ቤ/ት ካልኣይ ደረጃን ትመሃር እንተ ኾይንካ: ኣብ ሓደሓደ ኵነታት ዝይድ ዝበለ ክፋል ሓገዝ ኪወሃበካ ይኽእል'ዩ። ነዚ ንምርካብ ከኣ: ፍሉያት ጠለባት ግድን ከተማልእ ኣለካ። ንዝይድ ዝበለ ሓገዝ መሰል እንተሎካ: ደገፍ ትምህርቲ ምስ ሓተትካ ብቐጥታ ይመጸካ።

### መወሰኽታ ሓገዝ ንቈልዑ (Tilläggsbidrag för barn)

ወላዲ ወይ መጕዚት ቈልዓ እንተ ኾይንካ መወሰኽታ ሓገዝ ክትወስድ ትኽእል ኢኻ። እቲ ሓገዝ ክሳዕ'ታ ቈልዓ 18 ዓመት ዚመልኣላ መንፈቕ ዓመት ይቕጽል።

### መወሰኽታ ልቓሕ (Tilläggslån)

ቅድሚ ሽዑ ሰሪሕካ ልዕሊ ሓደ ፍሉይ መጠን እቶት እንተ ኔሩካ: መወሰኽታ ልቓሕ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። እቲ መወሰኽታ ልቓሕ ዚወሃብ: ካብ ስራሕ ናብ ትምህርቲ ክትሰጋገር መቓለሊ ኪኾነካ ንምሕጋዝ'ዩ። መወሰኽታ ልቓሕ: ካብታ 25 እትመልኣላ ዓመት ጀሚርካ ክትወስድ ትኽእል።

### ልቓሕ ዚያዳ ወጻኢ (Merkostnadslån)

ኣብ እትመሃረሉ ወቕቲ: ከም ድርብ ክራይ-ገዛ ወይ ብምኽንያት ሓደሓደ ጕዕዞታት ተወሰኽቲ ወጻእታት ኣሎዉኻ'ዶ፧ ከምኡ እንተ ኾይኑ: ልቓሕ ዚያዳ ወጻኢ (Merkostnadslån) ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

## ንኽንደይ ዚኣክል ግዜ ደገፍ ትምህርቲ ክትረክብ ትኽእል፧

ንድሩት ግዜ ኢኻ ደገፍ ትምህርቲ ክትረክብ ትኽእል። ስለዚ: ዚወሃበካ ደገፍ ትምህርቲ ትምህርትኻ ክትዛዝም ኪኣኽለካ ምእንቲ: ኣብ ትምህርትኻ መደብ ምውጻእ ኣይትረስዕ።

ኣብነት:

CSN nr 2443J/2111/översättning av 2443A-2111

ኣቐዲምካ ዝተመሃርካዮ ኣብ ግምት ብምእታው: ብደረጃ ቤ/ት ካልኣይ ደረጃ: እንተ ዛየደ ን80 ወይ ን120 ሰሙናት ኢኻ ደገፍ ትምህርቲ ትረክብ። እዚ ኸኣ: ምስ ምሉእ ደገፍ ንኽልተ ወይ ንሰለስተ ዓመት የካይደካ።

ብደረጃ ዩኒቨርሲቲ: ብምሉእ ግዜ እንተ ዛየደ ን240 ሰሙናት ደገፍ ትምህርቲ ትረክብ። እዚ ኸኣ: ብምሉእ ግዜ: ምስ ትምህርቲ ሽዱሽተ ዓመት ይዳረግ።

## ኣብ እዋን ትምህርትኻ ክትሓስበሉ ዘለካ ነገር

ኣብ እዋን ትምህርትኻ ገለ ለውጢ እንተ መጺኡ: ዚግባእ ድምር ገንዘብ ክትወስድ ምእንቲ: ንሲኤስኤን (CSN) ከተፍልጥ ኣገዳሲ'ዩ። ለውጢ ኪበሃል ከሎ: ንኣብነት ካብቲ ንቡር ዝወሓደ ነጥቢ ምምሃር: ወይ ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድካ ዘይምህላው ኪኾውን ይኽእል። ዘጋጥሞ ለውጢ: ብ"ሚና ሲዱር" (Mina sidor) ኣቢልካ ወይ ብኻልእ ኣገባብ ተጠቒምካ ኢኻ ትሕብር።

እንተ ሓሚምካ: ወይ ቈልዓ ኣለይ-መለይ ክትብል ኣብ ገዛ ኮፍ ምባል ዘድልየካ እንተኾይኑ'ውን - እንተ ተኻእለ ካብታ መዓልቲ ብኡራት ኣትሒዝካ ኣፍልጥ። ከምኡ እንተ ጌርካ: እተን ዝበኾርካለን ሰሙናት ከም ዝተጠቐምካለን ኣይቊጸራን፤ ዝወሰድካዮ ደገፍ ትምህርቲ ኸኣ ክትመልስ ኣይትግደድን። እቲ ካባኻ ዚግበር ትጽቢት ውጽኢት ትምህርቲ'ውን ይንኪ።

ከም ዝሓመምካ ንቤ/ጽ ውሕስነት ካሳ (Försäkringskassan): ኣለይ-መለይ ቈልዓ ከኣ ንሲኤስኤን (CSN) ኣፍልጥ።

CSN nr 2443J/2111/översättning av 2443A-2111

## ገንዘብ ምምላስ

ካብ ሲኤስኤን (CSN) ዝተለቃሕካዮ ገንዘብ ብርግጽ ኪምለስ ኣለዎ - ኣብ ሽወደን ተቐመጥ ኣብ ወጻኢ ብዘየገድስ። ዝወሰድካዮ ልቓሕ: እንተ ቐልጢፈ ሽዱሽተ ወርሒ ድሕር'ታ መጠረስታ ደገፍ ትምህርቲ ዝወሰድካላ ኢኻ ክትመልስ ትጅምር። ኣብ ዓመት ክንደይ ትኸፍል ዚውስኖ: መጠን ዝተለቃሕካዮ ገንዘብ: ንኽንደይ እዋን ከም ትኸፍልን መጠን ወለዱን እዩ።

ግን ናይ ግዜ ገደብ ኣሎ። ልቓሕካ: እንተ ነውሐ ን25 ዓመት ትኸፍሎ፤ 64 ዓመት ክትመልእ ከለኻ ከኣ ተኸፊሉ ኪውዳእ ኣለዎ። ዚበዝሕ እዋን: ኣብ ፈለማ ውሑድ ትኸፍል: ኣብ መጠረስታ ኸኣ ዝይድ ዝበለ መጠን። ብርግጽ ድላይካ እንተኾይኑ ቅልጥፍ ኢልካ ክትከፍል ትኽእል ኢኻ: ንስኻ ኢኻ ወሳኒ።

ዝተለቃሕካዮ ምምላስ ዚጽግመካ እንተኾይኑ: ንኣብነት እቶትካ እንተ ነክዩ: ኣብ ሓደ ውሱን እዋን ውሑድ ክትመልስ ትኽእል ኢኻ። ሲኤስኤን (CSN): ንጠለብካ ይምርምር፤ ውሕድ ዝበለ ገንዘብ ክትመለስ መሰል እንተሎካ ኸኣ ይርኢ።

ሲኤስኤን (CSN) ኵሉሳዕ ቅኑዕ ኣድራሻኻ ከም ዚህልዎ ክትገብር ከም ዘለካ ኣይትረስዕ፤ ግቡእካ'ዩ።

*ሕቶታት እንተሎካ ደሃይ ክትገብር ሓንጎፋይ ንብለካ፤ ትምህርትኻ ከኣ የስምረልካ!*

CSN nr 2443J/2111/översättning av 2443A-2111